11/03/2013

# 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀኣንስትዮ

ትማሊ ሰንበት ዕለት 10/03/2013 ብምኽንያት 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ: ኣብ ዓሰርተ ሓደ ከተማታት ኢጣልያ: ሮማ-ሚላኖ-ባሪ-ናፖሊ-ካታንያ-ፓለርሞ-ፊረንሰ-ጀኖቫ-ቶሪኖ--ፓርማ-ባሳኖ(ቨነቶ): ዕዙዝ ሱታፌ ደቂኣንስትዮ ኣብ ወፍሪ: ደራኺ ንሃገራዊ ልምዓት ብዝብል ቴማ: ብዓቢ ድምቀት ተኸቢሩ ውዒሉ። ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝተላእከ ቃል ሃ.ማ.ደ.ኤ ብኹለን ኣብ ኢጣልያ ዘለዋ ሓለፍቲ ሃ.ማ.ደ.ኤ ተነቢቡ። ኣብ ኢጣልያ ዝርከቡ ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈታት መንግስትን ግንባርን ኣቦወንበራት ናይ ኩለን ማሕበራዊያን ሓይልታትን ከኣ ንታሪኽን ክብርን ደቂኣንስትዮ ኤርትራዊያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ንጽንዓትን ተወፋይነትን ኤሪትራዊያን ኣዴታት ኣብ ኢጣልያ ብምዝካር: ከም ወትሩ ኣብ ጎድንኽን ኣለና ብምባል ሕቃፍ ዕንባባታት ኣቕሪቦምለን። ኣብ ኩለን ከተማታት ሽሻይ ብዝመልአ ብባህላዊ ወግዕን ጸወታን ዝተሰነየ ጽንብላት ብዓወት ተዛዚሙ። ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዉን ብተክኒክዊ ጸገማት ቁሩብ ድሒሩ ኣብ ዝመጽእ ሰንበት ዕለት 17/03/2013 ክበዓል ምሉእ ምድላዋት ተገይሩ ኣሎ..

ሰማእታትና ንዘልኣለም ይዘከሩ!!

ዓወት ንሓፋሽ!!